ኣብ ቤት ፅሕፈት ኮንስተራክሽንን መንገድን መጓዓዝያን ከተማ ሰቲት ሑመራ ዝርከብ ከይዲ ስራሕ ህንፃን ዲዛንን ኮንስትራክሽንን ኣብ በጀት ዓመት 2011 ዓ/ም ዋንነቱ ናይ ቤት ፅሕፈት ምምሕዳር ከተማ ሰቲት ሑመራ ኣብ ከተማ ሰቲት ሑመራ ኣብ ቀበሌ 01 መውሃቢ ኣገልግሎት ኣብያተ ፅሕፈት ህንፃ 4ይ ምዕራፍ ፕሮጀክት ስራሕቲ ፓኬጅ ሑመራ/CW/C/01/11 ደረጃ 8ተ ብብርኪ ፍቃድ ደቀቕቲ ንግዲ ትካላት ማሕበራት ኮንስተራክሽን ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ከስርሕ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ጥቅምቲ 30, 2011 (ልዕሊ 8 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሕዳር 19, 2011 3:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:10000.00
- ቦታ:ሰቲት ሑመራ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:200.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሕዳር 19, 2011 3:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ገዛውቲን ሕንፃ ስራሕቲን/

ስለዚ ክትሳተፉ እትደልዩ ተጫረቲ ነዞም ረቋሕታተ ኣማሊእኹም ንክትወዳደሩ ንዕድም።

1 ናይ 2010 ዓ/ም ዝተሐደሰ ብት ፅሕፈት ኣናእሽተይን ደቀቕቲን ንግዲ ትካላት ዝተውሃበ ብርኪ ትካል ወረቀት ምስክር፤

2 ናይ ስራሕ ተኮናተርቲ ዝተዉሃበ ምዝገባ ካርድ፤ ንግዲ ስራሕ ፈቃድ መቅረባይት ምዝጋባ ሰርተፊኬት ናይ ተወሳኪ እሴት ታክስ ምዝገባ ምስክር ወረቀት ናይ ዝሐለፈ ወርሒ ተወሳኪ እሴት ታክስ ፀብፃብ ዝገበርክምሉ ምስክር ወረቀት

3 መኽበሪ ጨረታ 10000 .00/ዓስርተ ሽሕ ቅርሺ/ ዉሕስና ብብሄራዊ ባንኪ ኢትዮጰያ ካብ ዝተፈቀደሎም ዝተፈለጡ ባንክታት ዝዉሃብ ኣብ ኩነታት ዘይተመስረተ ናይ ባንኪ ዉሕስና ናይ ገንዝብ ክፍሊት መዘዚ ማለት እዉን ስፒኦ ወይ እዉን ብጥረ ገንዝብ ከቕርበ ዝክእል

4ናይቲ ተጫረቲ ናይ ዝተጫረትሉ ፕሮጀከት ስራሕቲ ሳይት ካብ ዝተረክበሉ ዕለት ጀሚሮም ኣብ ዉሽጢ 180 ተኽታታሊ መዓልቲታት ሙሉእ ብሙሉእ ዛዚሙ ከረክብ ዝክእል

5 ተጫረቲ ብቤት ፅሕፈት ኮንስትራክሽንን መንገድን መጓዓዝያን ወረዳ ሰቲት ሑመራ ከይዲ ስራሕ ህንፃ ዲዛይንን ኮንስትራክሽንን ዝተዳለወ ሰነድ ጨረታ 200.00 ቅርሺ ብምኽፋል ካብ 28/02/2011 ዓ/ም ጀሚሩ ካብ ቤት ፅሕፈት ኮንስተራክሽንን መንገድን መጎዓዝያን ከተማ ሰቲት ሑመራ ዝርከብ ከይዲ ስራሕ ህንፃን ዲዛንን ኮንስትራክሽንን ቢሮ ቁፅሪ 3ተ ምውሳድ ይኽእሉ እዮም።

6 ተጫረቲ ዝመልእዎ ዋጋ ሰነድ ጨረታ ሐደ ዋናን ክልተ ቅዳሕን ብቤት ፅሕፈት ልምዓት ኣናእሽተይን ደቀቕትን ንግዲ ትካላት ወረቀት ምስክር ፣ናይ ንግዲ ምዝገባ ወረቀት ምስክር፣ ፍቃድ ንግዲ ስራሕ፣ ናይ ኮንስትራክሽን ተኾናታራይነት፣መለለይ ቁፅሪ ከፋላይ ግብሪ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖሰታት ብምዕሻግ መሊሶም ኩሎም ኣብ ካሊእ ዓብይ ፖስታ ብምዕሻግ ኣብ ልዕሊኡ ስም ዝጫረትሉ ፕሮጀከት ስምን ኣድራሻን ብዝረኣይ ቀለም ብምፅሓፍ ነቲ ተባሂሉ ኣብ ዝተዳለወ ኣብ ቢሮ ቁፅሪ 3 ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ክሳብ 19/03/2011 ዓ/ም ሰዓት 3:00 ቅደሚ ቀትሪ ብኣካል ብምምፃእ ከእትዉ ይክእሉ እዮም።

7 ተጫረቲ ኣብቲ ሰነድ ጨረታ ዝቀርቡ ቅጥዕታት ብትክክል መሊኦም ኣብ ነብሰ ወከፍ እቲ ሰነድ ፈሪሞምን ሓቲሞምን ቅደም ሰዓብ እቲ ሰነድ ከይአዛብዑ እቲ ሰነድ ከምቲ ክሸየጥ እነተሎ ዝነበረ ከየጎደሉ ከቕርቡ አለዎም።

8 እቲ ጨረታ ኩሎም ተጫረቲ ወይድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረከብሉ 19/03/2011 ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 3:00 ቅደሚ ቀትሪ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ተዓፅዩ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ልክዕ ሰዓት 3:30 ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ቤት ፅሕፈት ኮንስተራክሽንን መንገድን መጎዓዝያን ከተማ ሰቲት ሑመራ ዝርከብ ከይዲ ስራሕ ህንፃን ዲዛንን ኮንስትራክሽንን ቢሮ ቁፅሪ 3 ይክፈት።

9 እቲ ከይዲ ስራሕ ካሊእ ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ።

ንተወሳኺ ሓበሬታ- በኣካል ናብ ኣብ ቤት ፅሕፈት ኮንስተራክሽንን መንገድን መጎዓዝያን ከተማ ሰቲት ሑመራ ህንፃን ዲዛንን ኮንስትራክሽንን ብኣካል ብምምፃእ ወይ ብስ.ቁፅሪ 0344-480037

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle